# BANDERA ባንዴራ



ባንዴራ ኤርትራ
ከምቲ 4 ዝሕብራ
ብዙሕዩ ኽብራ
ብቐሊል ዘይልዓል ጾራ።

ብፍላይ ነቲ ጨርቂያ እናበለ ዘቁዋናጸባ
ዝኸሓዳ ዘናኣኣሳ ዘይትርጉማ ዝህባ።

ቀጠልያ ሕቖ ሃገራዊ ልምዓትና
ቀይሕ ደም ክብሪ ሰማእታትና
ቢጫ ምዕባሌ ቁጠባዊ ሓርነትና
ሰማያዊ ምልክት ቀይሕባሕርና
ስለ ዝኾነ መለለዪ ኤርትራውነትና
ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣይነእትዎን ኢና

ትማሊ በለስ ዓርበሮቡዕ ዘይዝክሩ
ዝበልዕሉ ጻሕሊ ዝሰበሩ
መንነቶም ዘሸጡም ዝኸሓዱ
ባንዴራ ኤርትራ ዝቐደዱ
ኣብ ኣደባባይ ረጊጾም ዘንደዱ

ምስ ወያነ ኮይኖም ዘዕነውዋ
ሕልሚ ዓባይ ትግራይ ከተግብሩ
ምስ ጁንታ ሓቢሮም ዝጸዓሩ
ሎሚ መሕብኢት ክትኮኖም እንተተጸግዕዋ
ኣይትምልከቶንያ ይረስዕዋ ይቕበጽዋ
እምበር ንሳስ ዋና ለዋ
ከም ብሌን ዓይኑ ካብ ኣዛብእ ቀትሪ ዝሕልዋ

ናይ ቶም ወየንቲ ትማሊ ኤርትራ ኤርትራ እናበሉ
ሕልሚ ዓባይ ትግራይ ከተግበሩ ተማህለሉ
ካብ ቓይና ተለቂሖም ዘምጽእሎም ባንዴራ
ቀያሕ ቢጫ ዝሕብራ
ፈትዮም ጸሊኦም ንዕኣ ይጠቕለልዋ
ጢቢቆን ጀለብያን ኣስፍዮም ይከደንዋ

ዓወት ንሓፋሽ !! ተስፋይ ወልደጊዮርጊስ
Munich – Germany 16.12.2020